ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለዩ ኮምፕዩተራትን ተዛመድቲ ኣቁሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ነሓሰ 20, 2018 (ቅድሚ 3 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ነሓሰ 27, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:300
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ነሓሰ 27, 2018 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮምፒተርን ተዛመድቲ / ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ ኤሌክትሮኒክስ

ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ዝተፈላለዩ ኮምፕዩተራትን ተዛመድቲ ኣቁሑትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ስለ ዝደለየ ነቲ ዝተቀመጠ ረቋሕታት እተማልኡ ሕጋውያን ነጋዶ ንክትወዳደሩ ይዕድም፤

ክማልኡ ዝግብኦም ረቋሕታት

1. ተጫረትቲ በቲ ዘርፊ ናይ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ሕጋዊ ንግዲ ስራሕ ፍቃድ ፣ናይ ቫት ተመዝገብቲ መረጋገፂ ምስክር ወረቀት፣ናይ ግብሪ ከፋሊ ምስክር ወረቀት(II) ፣ ኣብ ናይ መንግስቲ መቅረባይነት ዝርዝር ዝተመዝገቡ ምኻኖም ምስክር ወረቀት ኮፒ ጌሮም ከቅርቡ ዝኽእሉ፤፣

2. ተጫረትቲ ብር 30,000 (ሳላሳ ሽሕ) ናይ ጨረታ መኽበሪ ውሕስና ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ(cpo) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ከትሕዙ ዝኽእሉ:

3. ተጫረቲ ሓደ ኦርጅናልን ሓደ ኮፒን ዶክመንት ኣብ ዝተፋላለየ (ነንበይኑ) ፖስታ ብምዕሻግ ድሕሪኡ ኣብ ሓደ ዓብይ ፖስታ ዓሸጎም ብምቅራብ ናይ ድርጅቶም ማህተም ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ጨረታ ብንፁር ብምግባር ከቅርቡ ኣለዎም።

4. ተጫረቲ ዋጋ ካብ ናይ ባዕልና ሰነድ ጨረታ ወፃኢ ምምላእ ኣይከኣልን፤

5. ተጫረትቲ ዘይምለስ ብር 300.00 (ሰለስተ ሚኢቲ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ካብ መቐለ ዋና ቤት ፅሕፈት ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ቢሮ ቁዕሪ: - 212 ክፍሊ ዕደጋን ፋይናንስን ምውሳድ ይኽእሉ።

6. ዝሰዓረ ተጫራታይ ሰዓራይነቱ ምስ ተነገሮ ካብ ዝሰዓሮ ጠቕላላ ዋጋ 10% (ዓሰርተ ፐርሰንት) መኽበሪ ውዕሊ ካብ ዝተፈለጠ ባንኪ ናይ ክፍሊት መአዘዚ (cpo) ብሽም ዋሕስ ናይ ገዛ ቁጠባን ህንፀትን ኣ/ማ ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 3 መዓልቲ ዉዕሊ ክኣስር ዝኽእል፤

7. ዝሰዓረ ተጫራቲ ዝሰዓሮ ንብረት በቲ ዘቅረብናዮ ስፐስፊኬሽን መሰረት ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ ናብ ትካልና ዋና ቢሮ ብናይ ባዕሉ መጓዓዓዚ መፅዓንን መራገፍን ሓዊሱ ከረክብ ዝክእል።
8. እቲ ጨረታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 20/12/2018 ክሳብ 27/12/2018 ዓ/ም ኣብ ኣየር ዝፀንሕ ኮይኑ ሳዕን ጨረታ ዕለት

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

27/12/2018 ዓ/ም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓዕዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4:00 ቅድሚ ቀትሪ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪላቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ትካልና ቢሮ ቁፅሪ-212 ይኸፈት:

9. ትካልና ካብ ብር 20,000 ን ልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ንብረት ካብ ብር 10000 ን ልዕሊኡን ንዝግበር ናይ ግልጋሎት ዕድጊታት 3%(withholding tax) ትካልና ባዕሉ ዝእክብ ምኻኑ ዝኾነ መቅረባይ ኣፍልጦ ከህልዎ ይግባእ፤ናይ ጨረታ ዋጋ ፀኒዑ ዝፀንሓሉ ግዜ 15 መዓልቲ እዩ፤

10. ሰዓራይ ተጫራቲ ንዘቕርቦ ንብረት ናይ ሓደ ዓመት ውሕስና ብፅሑፍ ን ትካልና ይህብ

11. ትካልና ብድሌቱ ክሳብ 20% መጠን እቲ ጨረታ ክዉስኽ ወይ ክቕንስ ይኽእል፤

12 ትካልና ዝሐሸ መማረፂ እንተረኺቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብኽና ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉው እዩ።

ምስ ሰላምታ

ኣድራሻና: -መቐለ ኣብ ሮማናት ኣደባባይ ባንኪ ኣቢሲንያ ዝርከበሉ ህንፃ 3 ደብሪ ንርከብ

ሞባልይ ቁፅሪ 0967568418, 0914766793+251938000111

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle